# መበል 20 ዓመት በዓል ልደት ማልት ኣብ ኖርዝ ከሮላይና ብድምቀት ተኸቢሩ

News Release

ሓየሎም ደሳለኝ ተስፋይ

Charlotte, NC, Nov.13, 2009:- ማልትሰኣ ጨንፈር ኖርዝ ከሮላይና ማልት ዝተመስረተትሉ መበል 20 ዓመት በዓል ኣብ ከተማ ቻርሎት ብዙሓት ኣባላትን ደገፍቲ ማልትን ኣብዝተረኸቡሉ ብዓቢይ ድምቀት ኣኽቢራ:: ነቲ በዓል ዝገልፁን ዘዘኻኽሩን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝተኻየዱ እንትኾኑ ማልትሰኣ ጨንፈር ኖረዝ ከሮላይና ዝፅበያ ዘሎ ናይ ልምዓት ዕማማት ብግቡእ ንምፍፃም ኣብ መዳያት ውዳበ ክትገብሮ ዝግባእ ምጥንኻራት ብዓወት ዛዚማ::

ኣብዚ ብዕለት October 31/2009 ዘተኻደ በዓል ልዕሊ 170 ዝኸውን ከብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመፀ ኣባልን ደጋፊ ማልትን ዝተሳተፈ እንትኸውን እቲ በዓል ልክዕ ሰዓት 8:00pm ናይ ምሽት ተጀሚሩ:: ከብ ሰዓት 8:00pm – 9:00pm ምሽት ናይ ድራር ፕሮገራም ዝተኻየደ እንትኸውን ኣብ ከተማ ቻርሎት ዝርከባ እትዮጵያዊያን ደቀንስትዮ ባህላዊ ምግቢ ብምድላው ነቲ በዓል ብነፃ ኣወፍየን::

ናይ ድራር ፕሮግራም ምስተዛዘመ ነቲ በዓል ዝገልፅ መደረ ብክቡር ዶክተር ሶሎሞን ተወልደ ኣብራሃም ቀሪቡ:: ዶክተር ሶሎሞን ተወልደ እንከዕ ንመበል 20 ዓመት በዓል ልደት ማልት ብሰላም ኣብፃሓና ብምባል ኣመሰራርታ፣ዕላማን ሕሉፍ ስራሕቲ ማልትን ብዝርዝር ድሕሪ ምቅራብ ማልትሰኣ ጨንፈር ኖርዝ ከሮላይና ንቅድሚት ኣብ ዝገበር ናይ ልምዓት ምንቅስቃሳት ሕዝውን ከምቀደማ ግቡእ ግዴኣ ከምፃወት ኣረጋጊፆም:: ኩሉ ደጋፊ ልምዓት ዝኾነ ወገን ኣብ ጎኒ ማልትሰኣ ጨንፈር ኖርዝ ከሮላይና ክስለፍውን ፃውዒት ኣቕሪቦም:: ቀፂሉ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝሓዘ ናይ 20 ደቂቃ ፊልም ዘተርኣየ እንትኸውን ብኣባላት ማልትሰኣ ጨንፈር ኖርዝ ከሮላይና ኣብ ዱንቃ-ኣሸና ኦፍላ ዝተሃነፀ 1ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ፣ኣከባብራ በዓል መበል 20 ዓመት ማልት ኣብ ትግራይን ከልኦት ምስ ጥዕናን ትምህርትን ዝተኣሳሰሩ ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ዘጠቃልል ምርኢት ፊልም ቀሪቡ::

ነቲ በዓል ከብ ዘማዕረጉዎ ንጥፈታት ሓደ ናይ ሽልማት ስነስርዓት እንትኸውን ማልትሰኣ ጨንፈር ኖረዝ ከሮላይና ኣብ ትግራይ ሓደ ቤት ት/ቲ ንመስራሕ ኣብ ዝከየደቶ ወፍሪ ወፈያ ንዘበርከቱ ኩሎም ኣባላትን ድገፈቲ ማልትን ንሕድሕድ ስድራቤት (ሰብኣይን ሰበይትን) ከብ ክልል ትግራይ ዝተለኣኸ ፎቶግራፍ ናይ እታ ቤት ት/ቲ ሽልማት ኣበርኪታ:: እዚ ፍፃሜዚ ነቲ ኣብቲ ኣዳራሽ ዝነበረ ኣባልን ደጋፊን ዝለዓለ ንያትን ታሕጋስን ኣሕዲሩሉ:: ቀፂሉ ናይ ማልትሰኣ ጨንፈር ኖርዝ ከሮላይና ኣመራርሓ መረፃ ዝተኻይደ እንትኸውን ንቀፃላይ ዓመት ነቲ ጨንፈር ዝመርሑ 7 ሓድሽቲ ኣባላት ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ተመሪፆም:: ከምኡውን ናይ ሎምዘበን በዓል ማልት ፍልይ ዘበሎ ነገር እንተነበረ ናይ ማሕበር ደቀንስትዮ ተጋሩ ኖርዝ ከሮላይና ብዕሊ ምምስራቱ እዩ:: ደቀንስትዮ ተጋሩ ኖርዝ ከሮላይና ብድልየተን ብማሕበር ደረጃ ተጣይሸን ታሪኽ ዘሸከመን ሓላፊነት ንምፍፃም ኣብ መስርዕ ምንቅስቃስ ተሰ::

ከተማ ቻርሎት ኖርዝ ከሮላየና ነዚ ታሪኻዊ በዓልዚ ብምትእንጋድ ብድምቀት ንኽኽበር ዝገበረቶ ፃዕርን ምንቅስቃሳትን ዝነኣድ ነይሩ::ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ በዓል መበል 20 ዓመት ማልት ብዝተፈላለዩ ባህላዊ ደርፍታት ኢትዮጵያን እንግሊዝኛን እናተሃደሱ ደሕሪ ምምሳይ እቲ በዓል ሰዓት 3:00 am ናይ ለይቲ ብሰላምን ብዓወትን ተኸምቢቱ::